ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ
ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ

سفارة دولة اريتريا
الولايات المتحدة الأمريكية

EMBASSY OF THE STATE OF ERITREA TO THE UNITED STATES OF AMERICA

10 ጥቅምቲ 2020
ቁ/ም: EOE-US-04520

# ተወሳኺ ሓበሬታ ካብ ኣመሪካ ናብ ሃገር ዝምለሱ
## ሕጋዊ ነባርነት ኤርትራ ዘለዎም ዜጋታት

መንግስቲ ኤርትራ፡ ነቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ናብ ኣመሪካ ብመገሻ መጺኦም፡ ብሰንኪ ለበዳ ኮቪድ-19 ዘኸተሎ ምቁራጽ በረራታት ድማ ተዓጽዮም ዝጸንሑ ዜጋታት ናብ ሃገሮም ንምምላስ መደብ ኣውጺኡ ይሰርሕ ከምዘሎን፡ ዝምልከቶም ዜጋታትና ድማ በቲ መምርሒ መሰረት ይምዝገቡ ከምዘለዉን ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ምድላዋት ምስ ተጻፈፈ ሰሌዳ ግዜን ኣገባብ መገሻን **ብኢመይል** ክሳብ ንሕበረኩም ብትዕግስቲ ትጽበዩና ምህላውኩም እንዳመስገንና፡ መንግስቲ ህዝባዊ ድሕነት ንምርግጋጽ፡ ኣብ እዋን መገሻ ዝትግበር እዚ ዝስዕብ ተወሳኺ መምርሒ ኣውጺኡ ከምዘሎ ንሕብር፦

1. ተመለስቲ ገያሾ ሰሌዳ ግዜ መገሻ ምስተሓበሮም፡ እንተነውሐ 72 ሰዓታት ቅድሚ ምብጋስ ኣብ ዘሎ ግዜ መርመራ ኮቪድ-19 ብምክያድ ካብ'ቲ ቫይረስ ናጻ ምዃኖም ዘረጋግጽ ምስክርነት (Negative PCR Test Certificate) ሒዞም ንመገሻ ክብገሱ ይግባእ። እዚ ተጠቂሱ ዘሎ ካብ ቫይረስ ናጻ ምዃንካ ዘረጋግጽ ምስክር ሰነድ ዘይብሉ ገያሻይ ድማ ናብ'ታ ናብ ኤርትራ ትኣቱ ቻርተር ነፋሪት ክስቀል ስለዘይክእል፡ ተዋሂቡ ዘሎ ግዜ ኣብ ግምት ብምእታው ብግዜ ምድላዉ ከምዘድሊ፡

2. ተመለስቲ ገያሾ ኤርትራ ምስ ዓለቡ ን14 መዓልታት ኣብ ዝተመደበ ሆቴላት ክውሸቡ ምዃኖምን፡ ምስ ዘሎ ብዝሒ ተመለስቲ ከጋጥም ንዝኽእል ሕጽረት ክፍልታት መደቀሲ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነቲ ኩነታት ብዝጥዕም መገዲ፡ ክልተ ሰባት ኣብ ሓደ ክፍሊ ከምዘዕርፉ ክግበር ከምዝኽእል ምፍላጥ፡

3. ወጻኢታት ብዝምልከት፡ ክፍሊት ቻርተር ነፋሪት፡ ኣብ ግዜ ምውሻብ ናይ መደቀስን መግብን፡ ከምኡ ድማ፡ ገያሾ ግዜ ምውሻብ ወዲኦም ቅድሚ ምፍናዎም ዝግበር መርመራ ኮቪድ-19 (PCR Testing) ዝምልከት ወጻኢታት ተመለስቲ ገያሾ ክኸፍሉ ምዃኖምን ንሕብር።

**ዓወት ንሓፋሽ !!**

ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ
ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ
ዋሽንግተን ዲሲ

1708 New Hampshire Av. NW, Washington DC 20009 Tel: 202 319 1991 Fax: 202 354 4789 <embassyeritrea@embassyeritrea.org>
www.embassyeritrea.org